ኣገልግሎት ጥዕና ወለድን ህጻናትን/ማእከል ጥዕና ህጻናት
TIGRINJA



# ንወለዲ
# እንተደኣናይ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥን ማሕበራዊ ምትእስሳ ርን ጸገማት ጥርጣረ እንተሃልዩ።

**ውላድኩም ናብ ማእከል ጥዕና ህጻናት ከይዱ ኔሩ እዩ። ኣብዚ ቼጸራ እዚ ፡ ናይ ውላድኩም ናይ ምዕባለ ምርድዳእ ዓቕሙን ማሕበራዊ ርክባት ዓቕሙን ተመርሚሩ እዩ። ውላድኩም ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ ጸገም ከም ዘለዎን ብተወሳኺ እውን ኣብቲ ንሕና ማሕበራዊ ርክባት ኢልና እንጽውዖ ነገራት እውን ጸገማት ከም ዘለዎ ተገንዚብና ኢና።**

## ማሕበራዊ ርክባት
ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳራት ፀገማት ከም ኣብነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡- ውሉድኩም ብዙሕ ናይ ዓይኒ ምስ ዓይኒ ምር እኣይ ኣይገብርን፣ ሽሞም ክሰምዑ/ክጽውዑ ከለዉ ምላሽ ኣይህቡን፣ ወላዲኡ ኣብ ሓደ ነገር ከመልክቱ/ክሕብሩ ከለዉ ኣይከታተልን/ኣይስዕ ብን፣ ገለ ነገር ክደልዩ ከለዉ ኣይሕብርን / ወይ ድማ ኣየምስልን/ ናይ ምምሳል ጸወታ ኣይጻወትን (ንኣብነት፡- ሱፐርማርኬት ወይ ምስ ባም ቡላታት)።

## መወከሲ/ረፈራል ንቐጻሊ ምዘና
እቶም ማእከላት ጥዕና ቖልዑ ኣካይዳ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋ ጥን ማሕበራዊ ርክባት ናይ ምግባርን ጸገም ንዘለዎም ቆልዑ ቀጻልነት ዘለዎ ገምጋም ንምሃብ መወከሲ/ረፈራል ክስደደሎም ከም ዘለዎ እዩ ዝገልጽ። ኣብ ገሊኡ መዳያት እቲ ቐጻሊ ገምጋም በቲ ናይ ወለድን ናይ ቈልዑን ኣገልግሎት ጥዕና ኢዩ ዝግበር ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ድማ እቲ ሪፈራል ናብ ኣገልግሎት ምሕዋይ ህጻናትን መንእሰያትን እዩ ዝለኣኽ። ድሕሪኡ ቆጸራ ይግበረሉ/ይተሓዘሉ፤ ከምኡ’ውን ብመሰረት እቲ መወከሲ ናብ ኣየናይ ኣሃዱ/ክፍሊ ዝተላእከ ይኸውን ፣ ዝተፈላለዩ ሰራሕተኛታት የቕርቡ።

## ኣውቲዝም
እቶም ሰራሕተኛታት ኣብ እዋን እቲ መርመራ ውሉድኩም ኣብ ውሽጢ ኣውቲዝም ስፔክትረም(ዓውዲ ኣውቲዝም) ዝብሃል ዓውዲ ጸገም ክህልዎ ይኽእል እንተኾይኑ እዮም ዝምዝኑ። ኣውቲዝም ሕማም ዘይኰነስ ሓንጎል ብኻልእ መገዲ እዩ ዝሰርሕ/ዝዓዪ ማለት እዩ። ኣውቲዝም ናይ ሓደ ሰብ ኣተሓሳስብኡን፣ ኲነታቱን፣ ምስ ካልኦት ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥን ባህሪኡን ይጸልዎ ኢዩ። መለይታቱ ድማ፣ እቲ ቈልዓ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዕቤት ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ መትረብ ምዝሕታል/ምቕናስ፣ ከምኡውን እቲ ቈልዓ ልክዕ ከምቶም ኣብ ሓደ ኽሊ ዕድመ ዝርከቡ ቖልዑ ርክብ ዘይምህላውን ዘይምጽዋትን እዩ ዝልለ።

ውላድኩም ኣውቲዝም ከም ዘለዎ እንተጠርጢርኩም፡ እቶም ሰራሕ ተኛታት መርመራ ክካየድ ሓሳብ ከቕርቡ እዮም። ኣብ ህጻናት ኣውቲ ዝም ብኣግኡ ክንፈልጥ እንደሊየሉ ምኽንያት እቶም ቖልዑ ኣቐዲሞም ምስ ካልኦት ኣብ ሓደ ኽሊ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑት ሓሳብ ንሓሳብ ኣብ ምልውዋጥን ኣብ ዘለዎም ርክብን ሓገዝ ክረኽቡ ኽም ዘለዎም ስለ እንፈልጥ እዩ። ኲሎም ጻዕርታት ብወለንታኹም እዮም ዝካየዱ፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ድማ ነቲ መርመራ ክትቅጽሉ ከምዘይትደልዩ ምውሳን ትኽእሉ ኢኹም።

## ግምገማ ንምቕጻል ኣዞም ዝስዕቡ ይርኣዩ
ኣብቲ ምስ ኣገልግሎት ጥዕና ወለድን ህጻናትን ወይ ምስ ኣገልግሎት ምሕዋይ ህጻናትን መንእሰያትን ዝግበር ምብጻሕ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ንመጀመርታ ገምጋም ምስ ውላድኩም ክትመጹ ክሓቱኹም እዮም።

## ሕቶታት ብዛዕባ ኣውቲዝም?
ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ሕክምና ኣውቲዝም፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክልል ኡፕሳላ ብዛዕባ “ኣቐዲምካ ኢድ ምእታው” ዝብል መርበብ ሓበሬታ ንኽትሪኡ ንመክር። ኣብ www.1177.se (ኣውቲ ዝም ብምባል ኣብ ሰርች ባር ምድላይ) እውን ጽቡቕ ሓበሬታ ኣሎ እዩ።

**ናብ ቢ.ቪ.ሲ ድሕሪ ምብጻሕኩም ዝኾነ ሕቶታት እንተ ሃለየምኹም ምስ ኣላዪት(ነርሲ) ሕሙማት ቢ.ቪ.ሲ ንምርኻብ ድሕር ኣይትበል።**

REGION JÄMTLAND HÄRJEDALEN